# ብከቢድ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND

## ካብ ሰብ እዝኒ ንላዕሊ ብዝኾነ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND እንታይ እዩ?

ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ናይ ውሽጢ ኣካል ንምርኣይ ከቢድ ዝኾነ ናይ ደምጺ እንቅስቃሰ ይጥቀለም እዩ። እቲ ናይ ድምጺ ምንቅስቃስ ብጣዕሚ ሓያል ስለዝኾነ ናይ ሰብ እዝኒ ክሰምዖ ኣይኽእልን እዩ። እቲ ናይ ደምጺ እንቅስቃሰ ካብ ንእሽቶ ብኢድ ዝትሃዝ ፕላስቲክ መርኣይ (transducer) ተበጊሱ ናብ ውሽጣዊ ሰብነት ክፍሊ ይኸይድ እዩ። ስዕሊ ንምፍጣር እቲ ምርኣይ ድምጺ ወይካዓ 'መቓልሕ' ይፈጥር እዩ።

ናይ ድምጺ/ULTRASOUND መርኣይ ፅሬት ዘለዎ ስዕሊ ኣይህብን ግናስ ጩሩ ዘይዝርጋሓሉ ኣሰራርሓ እዩ። ኣብ ከብዲ፣ ማሕጸን/ጉሎ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍልቢ ዘሎ ክፍሊ ኣካላት መርመራ ንምግባር ዝተለምደ ኣሰራርሓ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ዝጠቅም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጥንሲ እዋንን ኣብ ማሕጸን ዝዘሎ ክፍሊ ኣካላት ጉድለት ንምፍላጥ ይኸውን።

## ከመይ ጌርካ ከምተኻይዶ?

ቅድሚ'ቲ መርኣይ ኣብቲ ቆርበት መለግለግ ዝብል ብምግባር ነቲ ድምጺ ምንቅስቃስ ካብ ብላስቲክ መርኣይ (transducer) ተበጊሱ ናብ ውሽጣዊ ሰብነት ክፍሊ ክሓልፍ ይገብሮ። ክሳብ ፅቡቅ ስዕሊ ዝርኣይ እቲ ፕላስቲክ መርኣይ (transducer) በቲ ቆርበት ከባቢ ምንቅስቃስ ይኸውን። እቲ ስዕሊ ኣብ ዝቕረጸሉ እዋን ነቲ መርኣይ በቲ ቦታ ሒዝካ ምጽናሕ ይኸውን።

## እቲ ፍሕሾ ከመልእ የድልይ'ዶ?

ሓንቲ ሰበይቲ ጥንስቲ እንተዘይኾይና ወይካዓ ኣብ ቐዳማይ እዋን ጥንሲ እቲ ማሕጸንን እንቋቑሖ ዜፍሪ ኣካላት ናብ ጉሎ ውሽጢ ብምእታው ብዙሕ ግዜ ብመዓናጡ ይሸፈን እዩ። መዓናጡ ጋዝ ስለዝሕዙ እቲ ድምጺ/ULTRASOUND ክሓልፍ ኣይኽእልን እዩ። ስለዙይ ኣብ ጉሎን ማሕጸን ውሽጢ ዝዘሎ ምርኣይ ኣይኽኣልን ይኸውን እዩ። ኣብ ፍሕሾ ቁሩብ ሽንቲ እንተሃልዩ ነቲ መዓናጡ ከደፍኦ ስለዝኽእል እዩ።

ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ሰነ/JUNE2003

**ካብ ሰብ እዝኒ ንላዕሊ ብዝኾነ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND**

ኣብ ዳሕራዋይ ጥንሲ እዋን እቲ ማሕጸን ገዚፉ ካብ ጉሉ ከወጽእ እንከሎ ብመጠኑ ዝመልኣ ፍሕኛ ነቲ ታሕታዋይ ማሕጸን ኣካል ብቐሊሉ ከርኣይ ይሕግዝ እዩ። እዚ'ውን እቲ መዳሕንቲ [ድሕሪ ምውላድ] ትሕቲ ከምዘይኾነን ኣብቲ ቀድሚት ማማይ ከምዘይኾነ ንምርግጋጽ ይሕግዝ እዩ። ብዘመናዊ መሳርሒ ብጣዕሚ ዝመልኣ ፍሕኛ ኣየድልን እዩ።

## ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ጉድኣት ኣለዎ'ዶ?

ጥኑሳት ንዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ከሳብ 30 ዓመታት ይግበረለን ከምዝነበረ እዩ። ብጀካ ናይ መርመራ ጉጅለታት ሓያል መጽናእቲ ነቲ ምዕባለ ዝገብር ማማይን ኣዶን ዝጎድእ ምንም ምክንያት ከምዘይተረኸበ እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት በብጥንሲ እዋን ብውሑድ ሓደ ግዘ ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምግባር ዝተለምደን ኣብ ዝማዕበሉ ሃገራት ብገፊሕ ይጥቀሙሉ እዮም።

## ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምግባር ገደብ ኣለዎ'ዶ?

ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምግባር ብዛዕባ እቲ ጥንሲ ብጣዕሚ ጠቃሚ ዝኾነ መረዳእታ ክሕብ ይኽእል ከምኡ'ውን በቲ ማማይ ዘሎ ጉድለት ከርእይ ይኽእል ግናስ ኣብዝተፈላለየ ኩነታ ንዝርኣይ ጉድለት ትኽኽለኛ ዝኾነ መልሲ ኣይሕብን እዩ። ኣብዝኾነ ኩነታ እቲ ማማይ ጥዑይ ንምኳኑ በቲ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ከረጋገጽ ኣይኽእልን እዩ።

ብካልእ ኩነታት ማለት ደቂ ኣንስትዮ ቃንዛ ወይካዓ ሕበጥ እንተሃልይዎን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምስ ካልእ መርመራታት ብሓባር ኩልግዘ ከርኣይ ከምዘለዎ እዩ።

## ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምታይ ይግበር?

ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምግባር ብጣዕሚ ዝተለምዱ ምኽንያት፡

- እቲ ማማይ ምዓዝ ከምዝውለድ ንምፍላጥ
- ጥንሲ ከጅምር እንከሎ ደም ዝፈስስ እንተኾይኑ ንምርኣይን እቲ ጥንሲ ብፅቡቅ ከምዝቅጽል ንምፍላጥ
- በቲ ጥንሲ ካብ ሓደ ንላዕሊ ማማይ እንተሃልዩ ንምርኣይ
- ኣብ ዳሕራዋይ ናይ ጥንሲ መርመራ ግዘ ደም ዝፈስስ እንተኾይኑን ናይቲ መዳሕንቲ ኣቐማምጣ ንምርኣይን
- ናይቲ ማማይ ኣካላዊ ዕቤት ከምኡውን ምንም ዓይነት ፀገም ከምዘይብሉ ንምርግጋፅ።
- ኣብ ዳሕራዋይ ናይ ጥንሲ ግዘ ናይቲ ማማይ ዕቤት ከምዕድሚኡ ፅቤት እንተኾይኑ ንምርኣይ።

ኣብ ጥንሲ እዋን ዝግበር ዝኾነ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ኣብዚ ላዕሊ ተዘርዚሩ ንዘሎ ነገራት ብተደጋጋሚ ከረጋግፅ ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ሰለስተ ወርሒታት [15-16 ሰሙናትን ብድሕሪኡ] ናይቲ ማማይ ኢድን እግርን ከምኡ'ውን ካልኦት ክፍሊ ኣካላት ማለት ሕቘ፣ ከምዲ፤ ፍሕኛን ልቢን ዝርዝር ኩነታ ክርእይ ይኽእል እዩ።

እቲ መርመራ ክግበር እንከሎ Down's Syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ፀገም ንምሕላው ኣየርእይን እዩ። ይኹን እምበር ካልእ ብዙሕ ጉድለታት ክርኣዩ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ብካልእ ከመይ ክሕግዝ ከምዝኽእል?

ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ተኸታታላይ ስዕሊ ስለዝህብ መርፍእ ናብ ከብዲ ንክትኣትዎ ብምምራሕ ብጣዕሚ ይሕግዝ እዩ። ከም AMNIOCENTESIS [በቲ ከባቢ ማማይ ቁሩብ ፈሳሲ ምውሳድ] ዝመሰለ ኣሰራርሓ ክትገብር እንከሎ ነቲ መርፍእ በቲ ULTRASOUND ምክትታል ይኽውን።

ጥንሲ ንዘይብላ ሕምምቲ ኣብቲ እንቋቑሖ ዜፍሪ ኣካል ዘሎ ክረጢት ቁሩብ ፈሳሲ ከምዝውሰድን ብተመሳሳሊ መንገዲ ንፍረ ዝኸውን እንቋቁሖ (IVF) ካብቲ እንቋቁሖ ዜፍሪ ኣካላት (Ovaries) ክውሰድ ይኻኣል እዩ።

ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐት፡ ሰነ/JUNE2003
ካብ ሰብ እዝኒ ንላዕሊ ብዝኾነ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND

## እቲ ስዕሊ እንታይ ከምዝመስል?

ኣብ ሓደ ግዘ ሓደ ቁራጽ ወይካዓ ከፍሊ ስዕሊ ጥራይ በቲ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ከምዝውሃብ እዩ። እዚ ከምቁራጽ ባኒ ኮይኑ ይርኣይ እዩ። ኣብቲ መርኣይ ዘሎ ስዕሊ ብሓደ ግዘ ናይቲ ማማይ ኣካል ብሙሉእ ኣየርእይን ግናስ ሓደ ቁራጽ ጥራይ እዩ። ርእሲን ሰብነት ኣካል ዘርእይ ስዕሊ ናይቲ ማማይ ኢድን እግርን ብዙሕ ግዘ ኣየርእይን እዩ። መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን በቲ መርኣይ ዘሎ ኩነታት ከትርእይዎ ፅእረት ከግበር እዩ።

## ብኣልኣንትዮ ብልዕቲ ውሽጢ ምርመራ ምግባር'ከ?

ብኣልኣንስትዮ ብልዕቲ ውሽጢ ጌርካ ፍሉይ ብዝበለ ነዊሕን ቀጢን ብረት መርመራ ምግባር ይኻኣል እዩ። ናይቲ ሕሙም ፍሕኛ ባዶ ከኸውን ከምዘለዎን ንእሽቶ መርኣይ ኣብ ብልዕቲ ይቅመጥ እዩ።

መጠነኛ ዝኾነ ዘይምቹው ምኳን ይነብር ግናስ እቲ ኣሰራርሓ በቲ ማማይ ጉድኣት የብሉን። ጥንስቲ ንዘይኾና ወይካዓ ኣብ ቐዳማይ እዋን ጥንሲ እዚ ኣሰራርሓ ፅቡቅ ስዕሊን ዝበለፀ ሓበሬታ ከምዝህብ እዩ።

ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ብስልኪ [03] 8345 2000 ምድ ዋል።